# ኣብ 3ይ ጽፍሒ ከይቀጸልና ደው ክንብል ኢና

## ብሰንኪ ኲነታት ለብዒን ንንኡሳን ዘባታት ወሪድወን ዘሎ ሓያል ጸቕጢን ክሳብ ብዙሓን ክፋል ህዝብና ዝኽተቡ ኣብ ሳልሳይ ጽፍሒ ዳግመ-ክፍቲ ውጥና ንክንጸንሕ መንግስቲ ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ኣሎ።

–ብሰንኪ ቫይረስ ደልታን ድሕሪ ክረምቲ ርክብ ኣብ መንጐ ሰባት እናዛየደ ብምምጽኡን ለበዳ ኣብ ኖርወይ እናገነ ኢዩ ዝመጽእ ዘሎ። ንቈልዑን መንእሰያትን ንቡር ዕለታዊ ትምህርቲ ክህልዎም ኢና ንደሊ፡ ስለዚ ኢና እውን ንንኡሳን ዘባታት ብሓምላይ ደረጃ ንክጅምራ ምኽርና ለጊስናለን። ኣበየ ዝተፈላለየ በታታት ሃገርና ምጅማር ትምህርቲ ሓዪሉ ኢዩ ጸኒሑ፡ ንተማሃሮ፡ መምሃራን ይኹን ንንኡሳን ዘባታት። ዝምልከተን ንኡሳን ዘባታት ኲነታተን ብዝሓሸ ንክቈጻጸርኦ ግዜ ክወሃበን ኣለዎ። ስለዚ ኢና ድማ ካብ 3ይ ጽፍሒ ከይቐጸልና ክንጸንሕ ዘለና ትብል ቀዳመይቲ ምኒስተር ኣርና ሱልባርግ።

**ለብዒ ንምቊጽጻር**

መንግስቲ፡ ክሳብ ብዙሓን ምሉእ ብምሉእ ዝኽተቡ ንምስፍሕፋሕ ለብዒ ክቈጻጸሮ ኢዩ ዝደሊ። ከባብያዊ ባርዕ ለብዒ ብከባብያዊ ስጉምቲታት ክንተሓሓዘ ኢዩ እቲ ዘሎ ስትራተጂ። ኣብተን እንተ ውሑድ ወይ ወላሓንቲ ለብዒ ዘይብለን በታታት ዝቕመጡ ሓደስቲ ሃገራውያን ስጉምቲታት ሕጂ ክኽተሉ ቅኑዕ ኣይኰነን።

–ንንኡሳን ዘባታት ንከባብያዊ ባርዕ ለብዒ ንምቊጽጻር ክሳብ ክንደይ ሓያላት ከም ዝኾና ኣብዚ ዝሓለፍናዮ እዋን ለበዳ ርኢናዮ ኢና። ንዝመጽእ እዋናት እውን ንዘካይድኦ ግምገማታት ብዝንኣድ ኣገባብ ክኾውን ከም ምዃኑ ኣብ ልዕሊኦን እምንቶ ኣለና። ብወገነይ ሕጂ ነተን ለብዒ ገኒንወን ዘለዋ ንኡሳን ዘባታት ክምሕጸነን ዝደሊ ደረጃ ብጫ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብ ደረጃ ሓምላይ ዝሓሸ ድዩ ኣይኰነን ንክግምግማ ኢዩ። ምኽንያቱ ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት ተማሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝያዳ ክጸንሕሉ ዝኽእሉ ኲነታት ከስፍን ስለ ዝኽእል ኢዩ። ለብዒ ዝገነነን ንኡሳን ዘባታት ምስ ህዝባዊ ትካል ጥዕናን ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ብልዙብ ብምምኽኻር ዘተኣማምንን ርጡብን ውሳኔታት ይውስና ከም ምዃነን ኣብ ልዕሊኦን እምንቶ ኣለኒ፡ ትብል ቀዳመይቲ ሚንስተር ኣርና ሱልባርግ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ሃገርና ዝርከባ ቤት ትምህርትታት ብሓያል ለብዒ ተጠቒዐን ኣለዋ። ለብዒ ኣውራ ኣብ ንኡሳን ክሊ ዕድመታት ኢዩ ዝኽዕብት ዘሎ፡ ብሕልፊ ድማ ካብ ክሊ ጉጅለ-ዕድመ 13ን 19ን ንዘለዉ መንእሰያት ኢዩ ርኡይ ብዝሒ ጠቕዒ ለብዒ ተኸሲቱ ዘሎ።

## ንቈልዑ ዝሓሸ ሓልዮት

–ኣብ መላእ እዋን እዚ ለበዳ ዝሓሸ ሓልዮት ቈልዑን መንእሰያትናን ሸሚሙና ጸኒሑ፡ ከም ንፈልጦ ግና ኩሎም ንኡሳንና ከቢድ ጾር ኢዮም ሓዚሎም ጸኒሖም። ከም ዝከኣል መጠን ሓደ ንቡር ዝኾነ ህይወት ንከሕልፉ'ዩ ባህግና ትብል ቀዳመይቲ ሚንስተር ኣርና ሱልባርግ።

እተን ኣብ ቈልዑን መንእሰያትን ሓያል ባርዕ ለብዒ ተኸሲትወን ዘለዋ ንኡሳን ዘባታት፡ ኩነታተን ንገለ እዋን ካብ ቊጽጽር ከይውጽእን ናብ ብጫ ደረጃ ንክሰጋገራ ክሓስባሉ ይግባእ።

– መነመን ተለቢያም ኣለውን መነመን ንቤት ትምህርቲ ክኸዱ ይኽእሉን ብዝብል ንምፍላጥን ንምቊጽጻርን በብእዋኑ ብብዝሒ መርመራታት ኮሮና እውን ከካይዳ ይኽእላ ኢየን ብምባል ሓሳባ ተካፍል ኣርና ሱልባርግ።

[Regjeringen har også besluttet å følge FHIs råd om å gi barn i alderen 12 til 15 år tilbud om vaksine/መንግስቲ ኣብ ክሊ ዕድመ ካብ 12 ክሳብ 15 ዘለው ቈልዑ ንምኽታብ ዝብል ምኽሪ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ንክኽተሎ እውን ወሲኑ'ሎ።].

**ካብዚ ዘሎ ንላዕሊ ንምክፍፋት ንዝመጽእ ግዜ ይመሓላለፍ**

መንግስቲ ንውጥን ዳግመ-ክፍታ ንከይቅጽሎ ወሲኑ ኣሎ፡ ኣብ ዘለናዮ 3ይ ጽፍሒ ክሳብ ናብ ተዳልዎ ዝተወሰኸ ንቡር መዓልታዊ ህይወት ንሰጋገር ደው ክብል ኢና፡ [en normal hverdag med økt beredskap/ተዳልዎ ዝተወሰኹ ንቡር መዓልታዊ ህይወት።]

– መዓስ ክንሰጋገሮ ከም ምኳንና ወሳንነት ዘለዎ ትንተናታት ድኣ እምበር ዕለታት ኣይኮነን። ኣብዚ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ዝኾነ ሮቛሒ ግና 90 ሚእዊት ካብ በጽሒ ህዝብና ምሉእ ብምሉእ ክንከትብ ዘለና ጥምሖ ንቀራረቦ ብምህላውና ኢዩ ትብል ኣርና ሱልባርግ።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ብወገና ከተዘኽኽሮ እትደሊ ምስፍሕፋሕ ለብዒ ንምግታእ ዘጊት ኣብ 3ይ ጸፍሒ ዘሎ ምኽርታትን ሕግታትን ዝምልከት ከም ምኳኑ ኢዩ። እቲ ቐንዲ ኣገዳሲ ዝኾነ ድማ ኣብ ዝጽልኣና ካብ ቤትና ዘይምውጻእ፡ ርሕቀት ምሕላውን ጽሬት ኣእዳውና ምሕላውን ከም ምኳኑ ኢዩ። እዚ ነቶም ምሉእ ብምሉእ ዝተኸተብና እውን ዝምልከት ኢዩ።

-ከባብያዊ ባርዕ ለብዒ ብከብብያዊ ስጉምቲታት ምምካት ክቕጽል እውን ቅኑዕ ኢዩ። መታን ንቊጽጽር ክጥዕመና ዝምልከተን ንኡሳን ዘባታት ኣኣብቲ ዘድሊ ኣድላዪ ስጉምቲታት ከተኣታትዋ ኣገዳሲ ኢዩ ትብል ኣርና ሱልባርግ።

## ብተወሳኺ ተዳልዎ ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት

ንምዝኽኻርን ንዝያዳ መብርህን፡ ብተዳልዎ ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት ብክልተ ነጥብታት ኢና ጾሚቕና ክንገልጾ ንኽእል፡

- መብዛሕቲኦም ሃገራውያን ስጉምቲታት ይልዓሉ። ጽርየት እእዳውን ኡሕታን ምሕላው ክንቕጽል ንግደድ፡ ምስ እንሓምም ካብ ቤትና ዘይምውጻእ ንቕጽሎን፡ ብመሰረት ዝምልከቱና ምኽርታት ድማ ካብ ምምርማር ዓዲ ኣይክንውዕልን ኢና። ኣብ ውሱን ከባቢ ለብዒ ምስ ዝባራዕ ንመላእ ህዝብን ንሃገርን ክንድቲ ዝጸሉ ኣይክኾውንን ኢዩ።

- ማዕረ ማዕረኡ እውን ኩነታት ከም ገለ ክብል ምስ ዝቕየር ስጉምቲታት ብቕልጡፍ ንምትእትታው ዝምልከቶም ከባቢያውን ሃገራውያንን ሰበ ስልጣናት ንዝህሉ ምዕባለታት ብጥብቂ ክከታተልዎ ኢዮም። መንግስቲ፡ ሰበስልጣናት ጥዕናን፡ ሆስፒታላት ይኹኑ ንኡሳን ዞባታት ምክትታላቶምን ተዳላውነቶምን ክብ ከብልዎ ኢዮም።

### ክልተ መራፍእ ክታበት ውሰድ

ክሳብ ሕጂ ዳርጋ 90 ምእታዊት ካብ በጽሒ ክፋል ህዝብና ሓደ መርፍእ ክታበት ወሲዱ ኣሎ። ብጠቕላላ ድማ ልዕሊ 70 ሚእታዊት ክልተ መራፍእ ክታበት ተኸቲቦም ኣለው።

–ካብ ነብሰ ወከፍ ንኡስ ዞባኦም ካልኣይ መርፍእ ክታበት ንክኽተቡ ዕድል ንዝመጽኦም ሰባት ተቐላጢፎም ንክኽተቡ እላወበም። ክልቲኡ መራፍእ ክታበት ዝኽተቡ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ብዝበለጸ ክብ ይብል ኢዩ፡ ካብ ከቢድ ሕማም ከይወርዶም ይኹን ካብ ንኻልኦት ንምልባዕ ዘሎ ተኽእሎ ይድረት። ክሳብ እቶም ተሪፎም ዘለው ከቲብና ንውድእ ድማ ነዛ ተሪፋ ዘላ ሓጻር ግዜ ዝምለኽናዮ ስርዓታት ጽሬት ምዝውታር ንቐጽሎ፡ ኣብ ዝጽልኣና እዋን ካብ ቤትና ዘይምውጻእ፡ ጽሬት ኣእዳውና ምሕላውን ኣብ ዘይቤትና እንህልወሉ እዋን ድማ ናይ ሓደ ሜትሮ ርሕቀት ምሕላውን። ክልቲኡ መራፍእ ክታበት ብምውሳድ ምሉእ ብምሉእ ዝተኽተቡ እውን ዝምልከቶም ኢዩ ከም ምኺኑ ሚንስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ የገናዝብ።

## ለውጥታት ኣገባባት መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዒን ውሸባን (TISK)

ተታሒሕዝናዮ ዘለና ስትራተጂታት መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዒን ውሸባን (TISK) ከም

ዘለዎ ብወገን መንግስቲ ንክዕቀብ ይውሰን፡ ከም ዘለዎ ንክዕቀብ ይወሰን ድኣ እምበር ድሕሪ ሓጺር እዋን ንከስተኻኽሎ ይውጥን ኣሎ፡ ንምስትኽኻል ትሕዝቶኡን መዓስ ክስትግበርን ግና ምስ ንኡሳን ዘባታትን ኣማሓደርቲ ዘባታታን ብምልዝዛብ ኢዩ ክካየድ።

–ገለ ካብቲ ሓዘል ምስትኽኻል ኣገባባት መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዒን ውሽባን (TISK) ዘማልኦ እንተልዩ ለውጢ ግዴታ ውሽባ ኰይኑ ኣብ ሓደ ቤት ንዝቕመጡ ኣባላት ስድራቤትን ተመሳሰልቲ መቕርብን ኢዩ ይብል ሚንስተር ቤንት ሀይየ።

ብተወሳኺ ነተን ዝምልከተን ንኡሳን ዘባታት ዕማም ምንዳይ ምንጪ ለብዒ ይጓደለለን። ንቡር ስርዓት ምንዳይ ምንጪ ለብዒ ኣብ ሓደ ቤት ንዝቕመጡ ኣባላት ስድራቤት ተማሳሰልቲ መቕርብን ዘማልአ ይኰውን። እቲ ዝተለብዐ ሰብ ባዕሉ ወይ ካልእ፡ ከምኒ ወለዲ፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ስፖርታዊት ጋንታ ምስቶም ካልኦት ከም መቃርብቲ ተባሂሎም ዝቕጾሩ ብምውካስ ክትምርመሩ ይግባእ ብምባል የገንዝብዎም።
– ዝተስተኻኸለ ኣገባባት መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዒን ውሽባን (TISK) ኣብ ግብሪ ዝውዕሉ ንኡሳን ዘባታት ምስ ተዳለዋ ኢየን ይብል ሚኒስተር ቤንት ሀይየ።

## ምስትኽኻላት 3ይ ጽፍሒ

መንግስቲ ብህዝባዊ ትካል ጥዕናን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ዝረኸቦ ምኽርታት ንዳግመ-ክፍታ ሳልሳይ ጽፍሒ ዝምልከት ተወሳኺ ምስትኽኻላት ንክግበረሉ ሓደ ውሳኔ ኣሕሊፉ ኣሎ፡

ብወረቐት ምስክር ኮሮና ንዝእተዎን ቈዋሚን ዝተመልከተሎምን መናብር ኲፍ ዝብሃለሉ ውሽጣዊ እንግዶት፡ ክሳብ 5000 ሰባት (3000 ዝነበረ) ክሳተፉ ይኽእሉ ኢዮም። ኣብ ግዳማዊ እንግዶት ከኣ 10000 (7000 ዝነበረ) ክሳተፉ ይኽእሉ። እንተ በዝሐ ሓምሳ ሚእታዊት ካብቲ ክሓቝፎ ዝኽእል ዓቕሚ ዝብል ድሩትነት ኣይቅየርን። እዞም ለውጥታት እዚኣቶም ካብ ቀዳም፡ 4 መስከረም ንኔው ኣብ ግብሪ ይውዕሉ።

– ማዕረ ማዕሪኡ ንውሽጢ-ሃገር ዝዓለመ ወረቐት ምስክር ኮሮና ድሕሪ ክልተ መራፍእ ክታበታት ምውሳድ ሓምላይ ሕብሪ ንክትኾውን መንግስቲ ንትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ተታሓሒዞም ንክግምግምዎ ኣዋፊሩዎም ኣሎ።  ከም ንፈልጦ እውን ክልተ መራፍእ ክታበታት ካብቲ ናይ ሓደ መርፍእ ዝህቦ ንላዕሊ ካብ ምስፍሕፋሕ ቫይረስ ደልታ ናይ ምክልኻል ዝህቦ ዓቕሚ ዝሓሸ ከም ምኳኑ ኢዩ። ስለዚ ድማ ካብ ሕጂ ንኔው ሓምላይ ወረቐት ምስክር ኮሮና ንክወሃብ ምሉእ ብምሉእ ዝተኸተብካ፡ ሓድሽ መርመራ ኮሮና ዝወሰድካ ወይ ከኣ ኮቪድ-19 እዚ መወዳእታ ዓመት ከም ዘሕለፍካ ክትኰውን ኣለካ ዶ ዝብል ግምገማ ንክውሰደሉ ደሊና ኣለና ይብል ቤንት ሀይየ።

ንኖርወይ ንምእታው ዝምልከት ቅጥዕታት እውን ሒደት ምስትኽኻላት ተጌሩሉ ኣሎ፡ ገለ ካብቶም ምስትኽኻላት [ዜጋታት ሳልሶት ሃገራት ከምኒ ኣፍቀርቲን ኣቦሓጐታትን ዓባያትን ዝኣመሰሉ ካብ ናብ ዕለት 12 መስከረም ንንኒው ዘውግሕ ንኖርወይ ንምብጻሕ ክኣትው ይኽእሉ ኢዮም።/Kjærester og besteforeldre fra tredjeland komme på besøk fra midnatt, natt til 12. september]().

– እዚ ብዙሓት ክጽበይዎ ከም ዝጸንሑ ንፈልጥ ኢና።

እቶም ንምብጻሕ ዝመጽኡ ዝምልከቶም ሕግታት ውሽባን መርመራን ግድን ክኽተሉ ኣለዎም ይብል ምኒስተር ሀይየ።

- **[ኣፍቀርቲ ብናይ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ፍታሕ መመልከቲ ቅጥዒ ንኣፍቀርቶም ንምብጻሕ ግድን ክሓቱ ኣለዎም/ Kjærester må søke gjennom UDIS søknadsordning for kjærestebesøk]()**

## ስእሊ ዝርዝር ሃገራውያን ስጉምቲታት

**ስእሊ ዝርዝር ሃገራውያን ስጉምቲትታ ከምዞም ዝስዕቡ ይመስሉ፡ ካብ ዕለት 2 መስከረም ንመላእ ሃገር ይምልከቱ። ለብዒ ዝገነነን ከባቢታት ኣብ ልዕሊ እቶም ሃገራውያን ስጉምቲታት ናይ ገዛእ ርእሶም ስጉምቲታት ክህልዎም ይኽእል ኢዩ።**

**ንኖርወይ ንምእታው ክማላእ ዘለዎ ጠለባት፡**

ንኖርወይ ንምእታው ዝምልከቱ ቅጥዕታት ይቕጽሉ። እቶም ንኖርወይ ንምእታው ዝምልከቱ ቅጥዕታትን ሕግታት ውሽባን ከከም ኩነታት ለብዒ ብመፍለዪ ኮዳት-ሕብሪ ከምኒ ሓምላይ፡ ኣራንሽኒ፡ ቀይሕ፡ ድሙቕ ቀይሕን ሊላን ተባሂሎም ብምሙርኳስ ደደረጅኦም ይሕዙ።

ዓመታዊ ዕረፍትን ዕረፍታዊ ዙረትን ኣብ ውሽጢ ሃገረ ኖርወይ ንክውሰድ ምኽርና ከም ዘለዎ ይቕጽል።

እቶም ምሉእ ብምሉእ ከም ዝተኸተቡ ወይ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ከም ዘሕለፉ ብምስክር ወረቐት ኮሮና ሕብረት ኤውሮጳ፡ NHS Covid-pass ናይ Wales/England ወይ COVID certificate ናይ ሰሜን ኣይረላንድን ብምቕራብ ከረጋግጹ ዝኽእሉን ቀቅድሚ ንኖርወይ ምእታዎም ኣብ ቦታታት መሰጋገሪ ዶባት መርመራ ኮሮና ንዘካይዱን ካብ መገሻዊ ውሽባ ሕድገት ዝተዋህቦምን ንኖርወይ ክኣትዉ ይኽእሉ ኢዮም።

ካብ 12 መስከረም ኣትሒዙ ንወጻእተኛታት ዜጋታት ሳልሳይ ሃገር ከም'ዞም ዝስዕቡ ኣዝማድ ኖርወይ ዝምቕማጦም ምስ ዝህልውዎም ንኖርወይ ንክኣትው ዕድል ይኽፈተሎም፡

- ልዕለዕድመ ዝኾኑ፡ ደቂ ሰበይቶምን ሰብኡተንን፡ ኩሎም ወለድን ወለዲ ንዓበይቲ ደቂ-ሰብኡተንን ሰበይቶምን/ደቂ ደቂ-ሰብኡተንን ሰበይቶምን
- ኣበሓጎ/ዓባይ፡ ኣበሓጎ/ዓባይ እንተ ብኣደ ወይ ኣቦ፡ደቂ ደቌምን ደቂ-ሰብኡተንን ሰበይቶምን ፡
- ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ኣፍቀርቲን ትሕተዕድመ ደቌምን
- [**ኣፍቀርቲ ብናይ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ፍቃሕ መመልከቲ ቅጥዒ ንኣፍቀርቶም ንምብጻሕ ግድን ክሓቱ ኣለዎም/** Kjærester må søke gjennom UDIS søknadsordning for kjærestebesøk]

# ማሕበራዊ ርክባት ኣብ ብሕታውያን ቤታት

ምሕጽንታ ብዝሒ ኣጋይሽ እንተበዝሑ 20 ንክኾውንን ርክባት ኣብ ግዳም ንክካየዱን ኢዩ። ኣብ ቤትካ ንዝመጽኡኻ በጸሕቲ ብዩናት ምስ ዝኾኑ (ብዩን ማለት ክልቲኡ መራፍእ ክታበት ዝተኸተቡን፡ ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ካብ ዝኽተቡ ሰለስተ ቅነ ንዘሕለፉን ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ ኮቪድ ዘሕለፉን የጠቓልል) ኣብ ቊጽሪ ኣካል ደረት ብዝሒ ኣይኣትውን፡ ርሕቀት ናይ ምሕላው ተኽእሎ ግና ክከኣል ኣለዎ።

ብዩናት ንዝኾኑ ኣብ ብሕታዊ እንግዶታት፡ ማለት ኣብ ከምኒ ቤቶም መሳሊ ማሕበራዊ ምቅርራባት/ምጽግጋዓት (ትሕቲ ሓደ ሜትሮ) ምስ ካልኦት ብዩናትን ተነካእቲ ዘይኰኑ ዘይብዩናትን ክህልዎም ይኽእል ኢዩ።
ቈልዑ ኣጸደ ህጻናትን ተማሃሮ መባእታ ቤት ትምህርትን ደቂ ምድባት ኮሮናኦም/ደቂ ክፍሎም/ጨንፈሮም ወላ ካብቲ ደረት ብዝሒ ኣጋይሽ ንላዕሊ ይሕለፉዎ ክበጻጽሑ ይኽእሉ ኢዮም።

# ዋኒን ንግዲ

እንተወሓደ ናይ 1ሜትሮ ርሕቀት ንክጣጣሕን ርጡብ ስርዓታት ምክልኻል ለብዒ ገለ ካብቶም ንምምላእ ትካላት ዋኒን ንግዲ ከማልእዎም ዘለው ኢዮም።

# ቤት መግቢ፡ እንዳ ሻህን ባራትን

ዓማዊል ምእታው ስዓት 24፡00 ደው ይብል።
እዞም ዝስዕቡ ጠለባት የማልኡ; ምዝገባ፡ ምስሳይ መስተ ኣብ ጠረጴዛ፡ ንከያ ብዝሒ ኣጋይሽ፡ መናብር ንኩሎም ኣጋይሽን ርሕቀት ምሕላውን።

# መገሻታት

ብመሰረት ምኽርታት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃገረ ኖርወይ ዘይተርፍ መገሻ ክሳብ ዘይሃለወ ናብ ሃገራት ቊጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ/ሸንገን፡ ዓባይ ብሪጣንያን ገለ ገለ ብደረጃ ሊላ ዝተሓረያ ሃገራትን ወጻኢ ካብ ምጋሽ ምቊጣብ ኢዩ። መገሻታት ውሽጠ-ሃገር ክካየድ ይኽእል ኢዩ። ብዩናት

ዘይኮኑ ብፍሉይ ጥንቃቐ ክርእዩ ይግባእን ለብዒ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከየስፋሕፍሕ ንምግታእን ድማ መገሻታቶም ከም ዝከኣል መጠን ብውሕሉል መንገዲ ይወጥኑ። እዚ ኣውራ ነቶም ካብ ለብዒ ዝገነኖም ቦታታት ንዝገያይሹ ዝምልከት ብምኳኑ ኣገዳስነቱ ዘይምዝንጋዕ።

እቶም ብዩናት ዘይኮኑ ሰባት ወኸኣ ተረርቲ ስጉምትታት ንዘይብለን ንኡሳን ዞባታት ዝገሹ ናይቲ ኣቐዲሞም ቅድሚ ምጋሾም ንዝነበርዎ ንኡስ ዞባ ዝምልከት ምኽርታት ክኸተሉ ይግባእ።

## ቤት ትምህርቲታትን ኣጸደ ህጻናትን

ኣጸደ ህጻናትን ቤት ትምህርትታትን ከባብያዊ ግምገማ ናይቲ ዝምልከቶ ንኡስ ዞባ ብምሙርኳስ ሕብርታት ደረጃታት ምስሊ ሰማፎሮ ሓምላይ፡ ብጫ ወይ ቀይሕ ብምፍላይ ይኽተላ።

ኩነታት ደረጃ ብጫ ንተማሃሮ ይኹኑ መማህራን ዝያዳ ሱታፌ ትምህርቲ ክብ ዘብለሎም ኩነታት ክፈጥር ትጽቢት ኣብ ዝሕደረሉ፡ ማለት ካብ ሓምላይ ደረጃ ንላዕሊ፡ ንኡሳን ዞባታት ንቤት ትምህርታተን ናብ ደረጃ ብጫ ንከሰጋግራ ምኽርና ንልግስ።

## ትምህርቲ ላዕለዋይ ደረጃ

ካብ መጀመርታ ቀዳማይ ክፍላ ዓመተ-ትምህርቲ እዚ ዝለናዮ ቀውዒ ኣትሒዞም ብኣካል ተረኪቦም ምህሮኦም ክከታተሉ ይኽእሉ ኢዮም።
ምንዳይ ምንጪ ለብዒ ንምቅላል መነመን ከም ዝተረከቡን መነመን ኣበይ ኰፍ ከም ዝበሉን ክምዝገቡ ይግባእ።

## ስራሕ ዓለም

ሓፈሻውያን ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ።
ብኸፊል ቤታዊ ቤት ጽሕፈትን/ወይ ተዓጻጻፊ ሰዓታት ስራሕ ይህሉ።
ከባብያዊ ኩነታት ለብዒ ኣብ ግምት ብምታው ኣድላይነት ቤታዊ ቤት ጽሕፈት ክሳብ ክንደይ ምኳኑ ኣስራሒ ባዕሉ ይግምግሞ። ኩሎም ሰራሕተኛታት ናይ 1ሜትሮ ርሕቀት ንክሕልው ግድን ኩውን ይኹውን። ብዩናት ንዝኾኑ ኣብ ናይ ስራሕ ቦትኦም ካብ ካልኦት ርሕቀት ክሕልው ኣየድልዮምን፡ ኰይኑ ከብቅዕ ንተነካእቲ ዝኾኑ ዘይብዩናን ብፍሉይ ሓልዮት ክርእዩ ይግባእ።

## እንግዶታት

ምሕጽንታና እንግዶታት ካብ ኣብ ውሽጢ ኣብ ግዳም ንክእንገድ ይሓይሽ ዝብል ኢዩ። ካብ ለብዒ ዝገደዶ ቦታታት ንዝመጹን ወኸኣ ብዩናት ዘይኰኑን ሰባት ኣብ ካልኦት ንኡሳን ዞባታት ዝእንገዱ እንግዶታት ክኸዱ ኣይግባእን።

### ብሕታውያን እንግዶታት

ክሳብ 100 ዝኾኑ ሰባት ኣብ ወግዓዊ ቦታ ወይ ዝተኻረየ ግዳማዊ/ውሽጣዊ ኣዳራሻት ክሳተፉ ይኽእሉ።

### ህዝባውያን እንግዶታት

ዝላዓለ ዝፍቀድ ብዝሒ ቁጽሪ ሰባት ንክእከቡ እዞም ዝስዕቡ ምስ ዝማልኡ ይኾውን፡

- ወረቐት ምስክር ኮሮና/መርመራ ኮሮና ብምጥቃም
- ቈዎምትን ዝተመልከተሎምን መናብር ምስ ዝህልው
- ኣብ ግዳም ድዩ ወይስ ኣብ ውሽጢ ዝእንገድ

## ብዘይ ወረቐት ምስክር ኮሮና፡

| | ውሽጣዊ | ግዳማዊ |
|---|---|---|
| *ቈወምቲ መናብር፡* ዝተመልከተሎም መናብር | እንተበዝሑ 1000 ሰባት። ክሳብ 500 በብምድብ-ኮሮና | እንተበዝሑ 2000 ሰባት። ክሳብ 500 በብምድብ-ኮሮና |
| *ብዘይ ቈወምቲ መናብር፡* ዝተመልከተሎም መናብር | እንተበዝሑ 400 ሰባት። ክሳብ 200 በብምድብ-ኮሮና | እንተበዝሑ 800 ሰባት። ክሳብ 200 በብምድብ-ኮሮና |

## ወረቐት ምስክር ኮሮና ብምጥቃም፡

| | ውሽጣዊ | ግዳማዊ |
|---|---|---|
| *ቈወምቲ መናብር፡* ዝተመልከተሎም መናብር | እንተበዝሑ 5000 ሰባት (3000 ዝነበረ)። ክሳብ 500 በብምድብ-ኮሮናን እንተበዝሐ 50 % ካብቲ ዝሓቑፎ ዓቕሚ | እንተበዝሑ 10000 ሰባት (7000 ዝነበረ). ክሳብ 500 በብምድብ-ኮሮናን እንተበዝሐ 50 % ካብቲ ዝሓቑፎ ዓቕሚን |
| *ብዘይ ቈወምቲ መናብር፡* ዝተመልከተሎም መናብር | እንተበዝሑ 1500 ሰባት። ክሳብ 500 በብምድብ-ኮሮናን እንተበዝሐ 50 % ካብቲ ዝሓቑፎ ዓቕሚን | እንተበዝሑ 3000 ሰባት። ክሳብ 500 በብምድብ-ኮሮናን እንተበዝሐ 50 % ካብቲ ዝሓቑፎ ዓቕሚን |

ንተወሰኽቲ ደቀቕቲ ዝርዝራት ንምርኣይ ኣብዚ ተመልከት፡ ዘገምታዊ ውጥን ዳግመ-ክፍታ/plan for gradvis gjenåpning

## ስፖርታዊ፡ ባህላዊን ትርፊ-ግዝያዊን ንጥፈታት

ካብ ውሻጣዊ ብዝያዳ ግዳማዊ ንጥፈታት ንክካየድ ንምሕጸን። ከምዚ ዓይነት ግዳማዊ ይኹን ውሽጣዊ ንጥፈታት ንክካየድ ግድን ስለ ዝኾነ ናይ 1ሜትሮ ርሕቀት ሕድገት ንክወሃብ ግድን ይኹውን።

ዓበይቲ ኣብ ዘካይድዎ ንጥፈታት ኣብ ውሽጣዊ ንጥፈታት ጉጅለታቶም ካብ 30 ሰባት፡ ኣብ ግዳማዊ ንጥፈታት ከኣ ካብ 40 ሰባት ንላዕሊ ክእከቡ ከምዘይብሎም ዝብል ምኽሪ ነመሓላልፍ።

ኩሎም ስፖርተኛታት ኣብ መላእ ሃገር ዝካየድ እንተ ብዞባዊ/ክሊ (ሃገራዊ) እንግዶታት ወይ ውድድራት ክሳተፉ ይኽእሉ ኢዮም፡ ግዳማዊ ይኹን ውሽጣዊ እንግዶት፡ ናይ 1ሜትሮ ርሕቀት ክሕልው ከይተገደዱ።

ፕሮፌሽናላት ዘይኮኑ ሳዕሳዕቲ፡ ሙዚቀኛታት፡ መድረኽውያን ስነጥበበኛታት ኣብ ግዳማዊ ይኹን ውሽጣዊ ባህላዊ እንግዶታት፡ ናይ 1ሜትሮ ርሕቀት ክሕልው ኣይግደዱን።

## ቀዳማይ ደረጃ ስፖርት

ቀዳማይ ደረጃ ስፖርት ከም ንቡር ክዝውተር ይከኣል ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ ተኸታታሊ ግጥማት ቀዳማይ ደረጃ ኣብ ግዳም ይኹን ኣብ ውሽጣዊ ኣድራሽ ክእንገድ ይከኣል ኢዩ።